# ኣብ ሽወደን ስርዓት ክነስፍን ንደሊ ኢና – ሽወደን ዝሓሸ ነገር ክትገብር ስለ ትኽእል’ያ። ኣዝዩ ዝሓሸ።

ሓንቲ ሽወደን፡ እቲ ንጹል-ከባቢ ዚብል መግለጺ፡ ኣብ ታሪኻ ጊዜኡ ዝሐለፎ ቃል ንኪኸውን። ምኽንያቱ፡ ኣብዚ ዘበንና፡ ንጹል ዝኾነ ከባቢ ብዘይምህላዉ እዩ። ካብ ገበነኛ-ጉጅለታትን ቀቢላዊ-ግዝኣታትን ነጻ ዝኾነት፥ ማዕርነት ንኹሉ ዝሳሰየላ ሓንቲ ሽወደን ንኽትከውን።

ኣብኣ ድማ፡ ፖሊስ ደዊልካሎም ንረድኤትካ ዝመጹላ፥ ኣብ ዘድለየሉ ድማ ንድሕነትካ ድሕር ዘይብሉ ክትከውን። እቶም ግዳያት-ገበን ደኣ እምበር፡ ገበነኛታት ዝኸብሩላን ዝክሓሱላ ዘይትኸውን። ኣብኣ ድማ፡ ገበነኛታት ኣብ ቤትማሕቡስ ንስኻ ድማ ኣብ ደገ ወጺእካ ቅሳነት ከም ዚስምዓካ ዝኾነላ ሃገር ክትከውን።

ሓንቲ ሽወደን፡ እታ ኵሎም ቆልዑ ወለዶም ናብ ስራሕ ኪኸዱ ዝርእዩላ ሃገር። ኵሉ ግዜ ምስ ትሰርሕን ምስ ትጽዕርን ከም ትረብሕ ትገብር ትገብር፥ ኵሉ ጊዜ ጻዕሪ ኣብ ልዕሊ ቅጥፈትን ሕማቕ መመኽነይታታት ዝዕወተላ ሃገር፥ ማሕበራዊ ረብሓን ሓባርዊ-ውሕስነትን፥ ነቶም ዘድልዮም ከም ዝረኽብዎ ትገብር ሃገር ክትከውን።

ሓንቲ ሽወደን፡ እታ ንፍልጠትን ንደርባዊ-ሓኹሪን ኣዉን ትገብር፥ ቅሳነት ዘሎዎ ቤትትምህርቲ ዘሎዋ። እታ ብኣግዑ ኵሎም ተመሃሮ ጽቡቕ ቋንቋ ሽወደን ዝመሃሩላ። እታ ወለዲ ናይ ምርጫ ዕድል ዝረኽቡላን፥ ዋላ ሓደ ተምሃራይ እኳ ተለልዩ ዘይውሰደላ ወይ ኣስገዳዲ-ኣውቶቡስ ዘይስቀለላ ንኽትከውን።

ሓንቲ ሽወደን፡ እታ ዝኾነ ሰብ፡ ቡስጣ መኽፈሊ ዕዳ ኤሌትሪክ ከፊቱ ዘይሻቐለላ፥ እታ ወላዲ ንደቁ ብናይ በንዚን ወይ ብናይ ኤሌትሪክ ማኪና ምኻና ብዘየገድስ፥ ንደቁ ናብ ልምምድ-ስፖርት ወይ ናብ ልምምድ ሙዚቃ ብዘይ ስክፍታ ገንዘብ ከመላልሰላ ዚኽእል ክትከውን።

ሓንቲ ሽወደን፡ ክሊማዊ ብልጸት ዘሎዎ፡ ጽሩይ፡ ዘተኣማምን፡ ሕሱር፡ ኑክሌራዊ ሓይሊ ኤሌትሪክ ዘሎዋ፥ እታ ናይ መወዳእታ ብናፍታ ሓይሊ-ኤሌትሪክ እተመንጩ ትካል ትዕጸውላ። ክሊማዊ-መራሳሕቲ ኣብዚሖም ዚኸፍሉላ፥ ግን ድማ፡ ኣብቲ ሰሙናዊ ሸመታኻ፡ ንሓንቲ ፕላስቲክ ጎማ ክትጥቀም ተፍቅድ ክትከውን እዩ።

እዛ ንብላ ዘሎና ሽወደን፡ ኣብ ቅድሜና’ያ ዘላ - እቲ ዘድሊ፡ ጥራይ ንዕኡ ንምትጋባር ዓቕምን ድሌትን ኪህሉ እዩ። ንሕና ሞደራተርና፡ ነዚ ንምግባር ዓቕምን ድሌትን ኣሎና እዩ።

ሕጂ ንሸወደን ስርዓት ክነትሕዛ ኢና።





**ንቕሳነትን ምርግጋእን ብኸምዚ ዚስዕብ ኣብ ቦትኡ ክንመልሶ ኢና፡-**

- ብዙሓት ፖሊስ፡ ደሞዝ ፖሊስ ክብ ብምባል፡ ተኽፍሊካ ትምህርቲ ፖሊስ ከም ዚህሉ ምግባር።
- ንፖሊስ ዝዓበየ ስልጣን ከም ዚህልዎም፥ መሳርያታት ንምሕዳግ ውን ናይ ተፍቲሽ-ቦታ ከም ዚህሉ ምግባር።
- ክዉላት-መስከርቲ ንምትግባር ምፍቃድ፥ መታን ሰባት ኣንጻር ገበነኛታት ከይፈርሁ ክምስክሩ።
- ኣብ ሸወደን ገበን ዝፈጸሙ ዜጋታት ወጻኢ ሃገር፥ ካብ ሸወደን ከም ዝጥረዙ ምግባር።
- ሓያል ፍርዲ ምሃብ፡ ቅናሽ ብዝሒ-መቕጻዕቲ ምስራዝ፡ ንልዕሊ 18 ዓመት ዚግበር ቅናሽ-መቕጻዕቲ ምስራዝ።

**ንስራሕ ብኸምዚ ዚስዕብ መልክዕ ከም ዚሕዝ ምግባር፡-**

- ናይ ስራሕ ግብሪ ከም ዚቕነስ ምግባር፡ ብፍላይ ንትሑትን ማእከላይ-እቶትን ንዘለዎም
- ደሞዝ ኣርባሒ ንምግባር፡ እቲ ዚወሃብ ሓገዝ ገንዘብ ደረት ከም ዚህልዎ ምግባር።
- ንሓደ ተቐባል ሓገዝ-ገንዘብ፡ ከማልኦ ዘሎዎ ጠለባት ምቕራብ።
- ካብ ደሞዝ-ጥሮተኛታት ንዚቝረጽ ግብሪ ምንካይ - ሰሪሕካ ጥሮታ ምቕባል ከም ዘርብሕ ምግባር።
- ገበንነትን ንጹልነትን ንምቅላስ፡ ህዝባዊ ቆጸራ ከም ዚፈጸም ምግባር።

**ንቝጠባ ብኸምዚ ዚስዕብ መልክዕ ከም ዚሕዝ ምግባር፡-**

- ንግብሪ ህንጻን ንኻልእ ኣብ ልዕሊ ስድራቤት ዚግበር ተወሳኺ ጾዕነትን ኣይፋል ምባል
- ግብሪ ቤንዚናን ናፍታን ምጕዳል
- ኣብ ዘጠራቐምካዮ ገንዘብ ዚስላዕ ግብሪ ምጕዳል። (investeringssparkonto, ISK)
- ንኩባንያታት ዝሓሸ ኵነት ምፍጣርን ንዘየድልዩ ሕጋዊ መሰናኽላትን ከም ዚውገዱ ምግባር
- ጽቡቕ ምሕደራ ንመንግስታዊ-ቁጠባታት

**ንክሊማን ንቀረብ ኤሌትሪክን ብኸምዚ ዚስዕብ መልክዕ ምትሓዝ፡-**

- ሓድሽ ወፍሪ ኑክሌራዊ-ጸዓት ምትግባር፥ ንዘይህይወታዊ ዘይቲ እወ ምባል። ንሩስያዊ-ጋዝን ዘይቲን ኣይፋል ምባል።
- ንባተሪ መምልኢ ኢሌተሪክ ትሕተ-ቅርጺ ብምውዳድ፥ ጽሩይ መጐዓዓዚ ክም ዚህሉ ምግባር
- ምሕያል ተሃድሶ ኢንዱስትሪን - ብዝተኻእለ ውሑድ ክሊማዊ-ኣሰር ዘሎዎ ኣቓሑ ሰደድ ምፍርይ።
- ክሊማዊ-ሓገዝ ክብ ከም ዚብል ምግባር
- ዓለም-ለኻዊ ምትሕግጋዝ - ብፍላይ ኣብ ውሽጢ ሕብረት ኤውሮጳ ከም ዚህሉ ምግባር

**ን"ኢንተግራሾን" ብኸምዚ ዚስዕብ መልክዕ ምትሓዝ፡-**

- ምምጻእ ወጻእተኛታት ምቕናስ፥ ኣብ ሸወደን ዘሎዉ ፍቓድ ዘይብሎም ሰባት ምጥራዝ
- ንጹር ዕላማ-ስራሕ ምህላውን፡ ሸወደንኛ ንምምሃር ልዑል ጠለብ ምቕራብ
- ኣብ "BVC" ቋንቋዊ ዳህሰሳ ምግባር፥ ግዴታዊ ቋንቋዊ-ቅድመ-ትምህርቲ ከም ዚህሉ ምግባር።
- ክልከላ ምምርዓው ደቂ-ሓትነታት ወይ ደቂ ሓዎቦታት ምትእትታው ከቢድ መቕጻዕቲ ንስለ ክብሪ ስድራቤት ኢልካ ዚግበር ዓመጽን ጭቆናን
- ክልከላ ቀቢላዊ ቤትፍርዲታት፡ ኣብ ውሽጢ ፖሊስ ነዚ ትኣሊ ኣሃዱ ከም ትህሉ ምግባር።

**ንቤትትምህርቲ ብኸምዚ ዚስዕብ መልክዕ ምትሓዝ፡-**

- ክዕቀንን ናብ ዚኽእል ፍልጠት ጠመተ ምግባር፥ ዝበዝሐ ሰዓታት ትምህርቲ ምትእትታው
- ናይ መምሃራንን ናይ ኣሕሉቕ ኣብያተ-ትምህርቲን ስልጣን ምንጻር፥ ርግኣትን ስነስርዓት ከም ዚሕሎ ምግባር
- ነጻ ምርጫ ቤትትምህርቲ ንኺህሉ ምቁማት፥ ንዘይጥዑያት ኣብያተ-ትምህርቲን ንምትላልን ምቅላስ
- ዘይቅኑዕ ነጥቢታት ምዕዳል ንኽተርፍ፥ ማእከላዊ መኣረሚ ሃገራዊ-ምርመራታት ከም ዚህሉ ምግባር
- ምጕጃልን ብኣውቶቡስ ምምልላስን ቆልዑ - ናብ ዘይርብሑ ኣብያተ-ትምህርቲ ደው ከም ዚብል ምግባር